

# ባሕቲ መስከረም



ሓደ መስከረም ጀማሪት ባና ሓርነት
ንብረታዊ ቃልስና፡ በሪ ዝኸፈተት
ኣብ ዓዳል ዝተባህለ፡ ኣጻምእ በረኻታት
ፈላሚ መቓልሕ፡ ብዓዋተ ኣድመጸት።

ውድዓውነት፡ ብሱል ኣብ ዝነበረሉ፡
ህዝብና ሰዓቦ፡ ኩሉ ተላዒሉ፡
መግዛእቲ ከብቅዕ፡ ኣይንንብርከኽን ኢሉ፡
መንእሰይ ወሓዘ፡ ንመስዋእቲ ኣንቂሉ።

መግዛእቲ መረረ፡ ዓድታት ነደደ፡
ህዝብና ተዋረደ፡ ገለ ተሰደደ፡
ሰራዊት ኣምሓራ፡ ክቐትሉ በብሓደ፡
ጭካኔኦም ረኣናዮ፡ ንምጽናትና ዘግሃደ።

ሕሉፍ ሓሊፎም፡ ባሕርና ንምውናን፡
መሬታም`በር፡ ህዝባ ኣየድልየናን፡
ኢሎም ብምእዋጅ፡ ከጽንቱ ኤርትራዊያን፡
ተልእኾ ተዋህቦም፡ ዘይ ከምሰብ ኣረመን።

ህዝብና ሓንሓነ፡ መሰለይ በለ፡
ብውሽጥን ብደገን፡ ኩሉ ተላዕለ፡
ተጋድሎ ሓርነት፡ ሰሰነ ድልደለ፡
ኣብ ዓውደ ውግእ፡ ገጢሙ ኣትከለ።

ሓፋሽ ህዝብና፡ ኣስኒቑ ኣዕጢቑ፡
መግቢ ኣዳሊዩ፡ ሰንኪቱ ጠጢቑ፡
ኩሉ ገንዘቡ፡ ዘለዎ ጸንቂቑ፡
ሰውራና ደልደለ፡ ጸሓይና በሪቑ።

ኣይንርስዖን ግን፡ ዝሓለፈ ስቓይ፡
ኣብ ዖና ኣብ ሽዕብ፡ ብመሬት ብሰማይ፡
ዝተረሸነ ህዝብና፡ ፈሰሰ`ወ ደም ከም ማይ፡
ፍጹም ኣይነፍቅድን፡ ክድገም ካልኣይ።

መብጽዓና ነሐድስ፡ መስከረም መጸት፡
ሕድሪ ሰውኣትና፡ ንሰርዖ ቀዳምነት፡
ሃገራዊ መትከላት፡ ክኽበር ልኡላውነት፡
ነጻነት ክዕቀብ፡ ምስ ምሉእ ሓርነት።

ወይለኻ ነዚ ትርስዕ፡ ርዝነት ናይ`ዚ ዕለት፡
ተሽካዕልል ዘለኻ፡  ክትጥምዝዝ ታሪኻት፡
በጃኻ ኣይትሃውትት፡ የለኻን ኣብ`ዚ ህሞት፡
ብደም ዝተጻሕፈ፡ ኣለና ሰነዳት።

ባሕቲ መስከረም፡ ዓመተ ሱሳን ሓደን፡
መሬትና ክትንከፍ፡ ኩልና ንሕንሕን፡
መግለጺ ጅግንነት፡ ኤርትራዊ ሓበን፡
ደሚቕኪ ንበሪ፡ ሎሚን ጹባሕን።

****************************

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና!
ፍትሕን ሰላምን ንህዝቢ ኤርትራ።

___________________

ተሸመ ወልደሚካኤል
ስያትል ሕ/መ/ኣ/
መስከረም 01, 2020